ብዕለት 12 ወርሒ 4,2014 ዓ.ም ዝተኻየደ ሰሚናር መኸተ ኣብ ራችሀስተር ኒው ዮርክ ብዶክተር ተስፋይ ኣርዓዶም ብጣዕሚ ዕዉት ከምዝነብረ ክሕብር ከለኹ፣ ተሳተፍቲ ናይቲ ሰሚናር ኣብ ራቸስተርን ከባቢኣን ዝቕመጡ ሃገራውያን እዮም ነሮም.።

ትሕዝቶ ናይቲ ሰሚናር ብዶክቶር ተስፋይ ኣርዓዶም ዝተገልጸ ብዝርዝሩ ክገልጸ ተዘይከኣልኩ ፥ ብሕጽር ዝበል ክገልጸ ክፍትን እየ።

ትሕዝቶ ናይቲ ሰሚናር ብዛዕባ ዘይሕጋዊ ማዕቀብ [sanction] ብወያነን ኣመሪካን ዝተማህዘ ፈጺሙ ሓቅነት ዘይብሉ ስለዝኾነ ብዘይውዓል ሕደር ክለዓል ከምዝግባእ። ዕላማ ናይቲ ዘይሕጋዊ ማዕቀብ ወይ እገዳ፣ ወያኔ ናይ ኤርትራ ሓይሊ ኣብ ሓድነት ሕዝባ ዝተመርኮሰ ከም ዝኾነ ስለትፈልጥ፣ ንናይ ኤርትራ ቁጠባ ኣውዲቕካ ንህዝቢ ኤርትራ ከምዝጠሚ ጌርካ ፥ መንግስቲ ኤርትራን ሕዝቢ ኤርትራን ኣባኢስካ መንግስቲ ኤርትራ ገምጢልካ፣ ን ናይ ኢትዮጵያ ጥቕሚን ኣመሪካን ዝሕሉ መንግስቲ ኮፍ ኣቢልካ፣ ዓሰብን ባድመን ንምውናን እዩ።

እቲ ወያነን ኣመሪካን ዝረስዕዎ ግና ፥ እቲ ሓያል ተመክሮ ናይ ርእሰኻ ምኽኣልን፣ ጽንዓትን፣ ተጽወርነትን፣ ምጽማምን፣ ኣብ ዝተናወሔ ግዜ ሓሶት ከምዝበንን ሓቂ ከኣ ከምጸሓይ ደሚቑ ከምዝወጽእ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ እቲ ዝኣለምዎ ሓሶት ብሓሰር ዝተኸድነ ስለ ዝነበረ ንፋስ ወሲድዎ።

ሕጂ እውን ከም ቀደሞም ካልእ ምኽንያት ካብ ምምሃዝ ስለዘይቁጠቡ ንሕና ከኣ እታ ሕቅነትና ሒዝና ክንቅጽል ኢና። ከይዱ ከይዱ ከኣ ሓቂ ዝሓዘ ስለዝዐት ክንዕወት ኢና።

ቀጺሉ ዶክቶር ተስፋይ እቲ ጸላእቲ ኤርትራ ዝተጥቕምሉ ንኤርትራ ንምውንጃልን ዘይሕብራ ንምልካይን ብዝርዝር ገሊጽዎ። ንዝነበረ ሃናጺ ሕቶታት ናይ ኣኸብኛታት ድሕሪ ምምላስን ሪኢቶ ናይ ሃገራውያንን ድሕሪ ምስማዕ እቲ ሰሚናር ብሰላም ተዛዚሙ።